ዕለት 16.12.2018

# *መግለጺ ማእከላይ ኮሚተ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ*

- **የሃና!**
  ንኽልተ ዓሰርተ ዓመታት መመላእታ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈጸመ በደልን ዝተፋሕሰ ውዲትን ዝተስገደደ እገዳን፡ ሃደሽ-ደሽ ኢሉ፡ ጽንዓትና፡ እምቢታናን መኸተናን ስዒሩ፡ ድነ ከበባን ስግኣትን ተርቢዕና፡ ናብ ሓድሽ ትስፉው መዋእል ሰላምን ዕብየትን ብምስጋርና፡ ነዚ ዘይሕለል፡ ዘይጸዓድ፡ ዘይእምብርኸኽ ኀይታ-ክብሩ ዝህቢ ኤርትራ የሃና ክንብል ደረት-ኣልቦ ኲርዓት ይስመዓና። የሃና ነቲ ጸዋር ህዝቢ ኤርትራ፡ የሃና ነቲ ዘይብገር ሓይልታት ምክልኻልና፡ የሃና ነቲ ኣብ መትከል፡ ሃገራዊ-ረብሓን ክብረትን ዘይዋገ መንግስቲ ኤርትራ። የሃና!

- **ዋጋ!**
  ተጎናጺፍናዮ ዘሎና ዓወታት፡ ውጽኢት ኣዝዩ ረዚና ዋጋ'ዩ። ህይወት ሓላላት ይከኣሎ-ዋርሳይ ዝሓተተ፡ ዕድል ሙሉእ ወለዶ ዝሰረቐ፡ ሕሰም መነባብሮ፡ ምምዝባል ስድራቤታት፡ ምብትታን ሓይሊ መንእሰይ፡ ስነኣእምራዊ መጥቃዕቲ፡ ምፍሓቕ ክብርታት፡ ምጅላሕ ታሪኽ፡ ምድፋር ትእምርትታት ሃገርን ሰማእትነትን፡ ምጥርጣርን ተስፋ-ምቁራጽን፡ ግኑን ዕሱብነትን ክድዓትን፡ ዘዕደየና መድረኽ'ዩ። ሓንቲ ህያውን ቀጻልነታ ዘውሓሰት ሃገር ንምህናጽ ዝተሓሓዝናዮ ሓያል ፖለቲካዊ ዕማም ዘሰናኸለ፡ ነገራውን መንፈሳውን ባህጊ ዜጋታትና ዝደረተ፡ ኣጠቓላሊ ፈታኒ እዋን'ዩ።

  ብዘይካ'ቲ ኣብ ንጡፍ ኲናት ዝተኸፍለ ዋጋ፡ ሕቶ ኤርትራ ንምስባር መንእሰያታ ምዝቛቕ ብዝብል ውጥን ዝተዘርወ ዓቕሚ፡ ኣብ ፈቖዶ ምድረበዳን ባሕርን ውቅያኖሳትን ዝተኸስረ ህይወትን ዝተሰከምናዮ ቃንዛን፡ ክርሳዕ ዘይኽእል ናይ ታሪኽ ትራጀዲ ኮይኑ ኣሎ። ኤርትራዊ ሓበን ኣብ ወጻኢ ንምስባር፡ ዕትብቲ ንምብታኽ፡ ኣበርክቶኡ ንምድራቕ፡ ውህደቱን ስኒቱን ንምዝራግ፡ ኣብ ልዕሊ ውዳቤታቱ፡ ውራያቱን ምትእኽኻባቱን ዝተኻየደ ካልእ ዝሕብሩ ኲናት፡ ኣካላዊ መጥቃዕቲን ጎነጽን፡ ምዕናው ባህላዊ ማእከላትን ምድፋር ሚሽናትናን ዝተጻወርናዮ ኣደራዕ ምንባሩ ኣይንርስዖን።

- **ጽንዓት!**
  ህዝቢ ኤርትራ፡ ንጽንዓቱ ጽንዓት ወሲኹ'ዩ ተሳጊሩ! ትማሊ ሒደት መዳርግቲ ዝርከቦ ታሪኽ ዝፈጸመ ጽኑዕ ህዝቢ እንተተባህለ፡ ሎሚ ኸኣ ብመዳርግቲ ዘይብሉ ተጻዋርነቱ፡ ብዙሓት ዘይሰገርኦ ፈተነ ስዒሩ፡ መሰስ ዝበለ እንኮ ህዝቢ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ክብሪ'ዚ፡ ኣብ ጉዕዞ ምህናጽ ብቕዕቲ ናይ ሃንቀውታና ኤርትራ ኣገዳሲ እምነኩርናዕ'ዩ። ቀጻሊ ጉዕዞና'ውን ብጽንዓት ከምንሰግሮ ዳግም ዘዘኻኸረና ምዕራፍ ከኣ'ዩ።

- **ምስጋና!**
  ምንቅስቓስ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ፡
  - ኣብ'ዚ ታሪኻዊ ምዕራፍ ናይ ሓድሽ መዋእል፡ ስፍሓቱን ዕምቆቱን ክትመን ዘይከኣል መስዋእቲ ከፊሎም ናብዚ ዘብቅዑና፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን፡ መንግስቲ ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን፡ ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን ኤርትራ፡ ዝለዓለ መጎስን ምስጋናን የቕርብ።

Young Peoples Front for Democracy and Justice (YPFDJ) is a global Eritrean Youth Organisation in the Diaspora, with 34 Local Chapters and an Outreach over 1000 youths in Europe.

E: ccypfdj@gmail.com | cc@ypdfj.com W: www.ypfdj.com

- ግድላት ወለዶኻ ገጢምካ ብብቕዓት ብደምካ ሃገር ዘውሓስካ፡ ብርሃጽካ ዘልማዕካ፡ ውዲታት ፈንጢስካ ተዓዊትካ ዝወጻእካ፡ ስለ ኤርትራ ኣብ ኩሉ መጋባእያታት ዓለም ዝተሓለቕካን ዝተጣበቕካን ፍትሒ ዝጸዋዕካን መንእሰይ ወለዶ ኣብ ውሽትን ወጻእን ፍሉይ ምስጋናን መጎስን ዝግባኣካ'ዩ!

- ነቶም ዉሑዳት ይኹኑ እምበር፡ ምሕዝነቶም ከይበተኹ ኣብ ጎድኒ ኤርትራ ደው ብምባል፡ ኣብ'ቲ ፈታኒ እዋን ኣብ ሓቐኛ ሸነኽ ናይ ታሪኽ ክውግኑ መሪጾም ምሳና ዝተሓጋገዙ መንግስታት፡ ውድባት፡ ምንቅስቓሳትን ውልቀሰባትን ምስጋንኡ የቕርብ።

- **<u>ምብራኽ መብጽዓ!</u>**
  ንጥፍኣትና ዘንቀደ ፍሕሶ ዘርዚርና፡ ሽሕ እኳ ዋግኡ እንተኸበደ፡ ብዓወት ተደቢስና ኣሎና። ዓወት ከኣ ካብ መቐረቱ ሓላፍነቱ'ዩ ዝኸብድ! ንመስዋእትና ዝዳረግ፡ ንባህግናን ሃንቀውታናን ዝምጥን ተወፋይነትን መብጸዓን ከምዝጽበየና ተረዲእና ሰላም ንምድልዳል፡ ኩሉ መዳያዊ፡ 'ዚ ማለት መንፈሳዊ፡ ነገራውን ትካላውን ሕውየት ሃገር ብምርግጋጽ፡ ሰማእታትና ዝድበሱሉ፡ ራህዋ ህዝብና ዘንግስ ናይ ራእይና ኤርትራ ኪንሃንጽ፡ ብዓጸፋ ስራሕን ኣፍራይነትን ኣበርክቶና ከነዕዝዝ ንጽውዕ!

ክብሪ ሰማእታትና ብግብሪ!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!

ማእከላይ ኮሚተ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ